# <u>ሓጺር ታሪኽ ሕይወት ክቡር ኣቦና መልኣከ ኃይል ቀሺ ተኸስተ ወልደዮሓንስ</u>

## <u>22/08/1923 - 14/09/2009</u>



*"ክቡር ሞቱ ለጻድቅ በቅድመ እግዚአብሔር"*
*ሞት ጻድቅ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክቡር እዩ' መዝ 116፥18*

ክቡር ኣቦና መ/ኃ ቀሺ ተኸስተ ካብ ኣቡኦም ወልደዮዉሃንስ ቀሺ ገብረ ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ ወለተገርጊስ ቀለተ ብ16 ነሓሰ 1916 ዓ/ም ግእዝ 22/08/1923 ዓ/ም ፈረንጂ ኣብ ዓዱም ኣርባዕተ ኣስመራ ተወሊዶም። ክቡር ኣቦና ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ካብ ፊደል ክሳብ ግብረ ዲቁና ብግቡእ ድሕሪ ምጥንቃቅ ብ18 ሰነ 1937 ዓ/ም ግእዝ 25/06/1944 ዓ/ም ፈረንጂ ብብጹእ ጳጳስ ኣቡነ ማርቆስ ማዕርግ ዲቁና ተቀቢሎም፣ ኩቡር ኣቦና ቅድስቲ ቤት-ክርስቲያን ብዘሰከመቶም ከቢድ ሓላፍነት ብቕንዕናን ትግሃትን ከገልግሉ ድሕሪ ምጽናሕ ምስ ወ/ሮ ሽዋይነሽ ቀሺ ዓንደሚካኤል ብስርዓት ተክሊል ስነ- ስርዓት ቃል-ኪዳን ፈጺሞም፣ ክቡር ኣቦና ቀሺ ተኸስተ ካብ ብዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሽዋይነሽ ቀሺ ዓንደሚካኤል ትሽዓተ ቆልዑ ወሊዶም ደቆምን ደቂደቆምን ብጉቡእ ብናይ መንፈሳዊን ኣካዳሚያዉን ትምህርቲ ኮስኲሶም ዘዕበዩ ኣብነታዊ ኣቦ እዮም።

ኩቡር ኣቦና ንክህነት ዘብቕዕ ትምህርቲ ብግቡእ ድሕሪ ምምሃሮም ብ20 ሚያዝያ 1943 ዓ/ም ግእዝ 28/04/1951 ዓ/ም ፈረንጂ ብቡጹእ ጳጳስ ኣቡነ ማርቆስ ማዕርግ ክህነት ተቀቢሎም በዚ ድማ ከምቲ ሓዋርያ ጳዎሎስ ንጢሞቴዎስ " *<u>ንቓል ሓቂ ትኽ ንትኽ ዝምህር ዘሕፍር ዘይብሉ ዝተመስከረሉ ኣገልጋሊ ጌርካ ርእሰኻ ንኣምላኽ ከተወፊ ጻዓር" ጢሞ 2፥15</u>* ዝበሎ ክቡር ኣቦና ነዚ ሕድሪ'ዚ ብምቕባል ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ እየሱስ ወታሃደር ኮይኖም ንቅድስቲ ቤት-ክርስቲያን ንምእመናንን ሕዝብን ብቕንዕናን ትግሃትን ግቡእ ኣገልግሎቶም ዝፈጸሙ ዓቢ መንፈሳዊ ኣቦ እዮም፣ እዚ ዓቢ ኣገልግሎቶም ተራእዩ ድማ ብ 21 ሕዳር 1976 ዓ/ም ግእዝ ብብጹእ ኣቡነ ገብርኤል "መልኣከ ኃይል" ዝብል መንፈሳዊ ማዕርግ ተቐበሉ።

ክቡር ኣቦና ኣብ ልዕሊ ዝነበሮም ልዑል ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም እዉን ክብ ዝበለ ስለ ዝነበረ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ደብረ-ጽዮን ቅድስቲ ማርያም ካብ ዝምስረት ማለት 1947 ዓ/ም ፈረንጂ ክሳብ 1965 ዓ/ም ፈረንጂ ከምቲ 2ይ ጢሞቴዎስ 4፥2 ዝበሎ *<u>"ብኹሉ ዓቕሊ ነቲ ቃል እናማሃርካ ብእዋን ራህዋን ብእዋን ጸበባን ትጋህ፡ ኣረድእ፡ ገስጽ፡ ምኸር"</u>* ናይ ስነ-ምግባር መምህር ኮይኖም ብዙሓት መንእሰያት ብእምነት ቅድስቲ ቤተ-ክርስቲያን መንፈሳዊ ስነ-ምግባርን ትሓኒጾምን ተኹስኹሶምን ክዓብዩ ዝገበሩ ኣቦ እዮም።

ከምኡዉን ክቡር ኣቦና ብዝነበሮም ልዑል ሞያዊ ክእለት ናይ ኤሌክትሪክ ኣብ ቅድስቲ ቤት-ክርስቲያን ዝተበላሸወ ኤሌክትሪክ ኣብ ምዕራይን ምሕዳስን ከምኡዉን መብራህቲ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ንመብራህቲ እትህብ ጀነረይተር ብግቡእ ሰሪሓ ንምእመናን ንቤት-ክርስቲያን ብዘይጸገም ንኽተገልግል ዝነበሮም ኣበርክቶ ኣዝዩ ዓቢ እዩ።

ከምቲ 2ይ ጢሞ 4፥6-8 ዝበሎ *<u>" ...መዓልቲ ሞተይ'ዉን ብጺሓ እያ፣ ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ ጉያይ ወዲአ እዩ፣ ነታ እምነት'ዉን ሓልየያ እየ፣</u>* ደጊም እቲ ቕኑዕ ፈራዲ ጎይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ" ክቡር ኣቦና ኩሉ ካብኦም ዝድለ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ፈጺሞም ኣብ መበል 86 ዓመቶም ሰንበት ዕለት 3 መስከረም 2002 ዓ/ም ግእዝ 13/09/2009 ብሕማም ምኽንያት ዓሪፎም።

ብጹእ ወቅዱስ ርእሰ-ሊቃነ ጳጳሳት 4ይ ፓትርያርክ ብጹኣን ሊቃነ-ጳጳሳትን ቤት-ክህነትን ሕዝብን ምእመናን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዓዱም ኣርባዕተ ኣስመራ መካነ መቃብር ቤት-ጊዮርጊስ ሰኑይ ዕለት 4 መስከረም 2002 ዓ/ም ግእዝ 14/09/2009 ዓ/ም ፈረንጂ ናይ ቀብሮም ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ።

ስድራ ቤት ነፍስሄር ቀሺ ተኸስተ ወልደዮሓንስ።